Printed matter
1234 5678



## ማእከል ዓማዊል
## Länstrafiken Kronoberg
**Växjö Resecentrum**

**ዝኽፈተሉ ሰዓታት**

| | |
|---|---|
| ሰኑይ-ዓርቢ | 06.00-19.00. |
| ቀዳም | 08.00-14.00 |
| ሰንበት | 12.00-18.00 |

ኣብ ሰዓታት ስራሕ ንዝህሉ ለውጢ፡ ብኽብረትኩም ነዚ ከፊትኩም ርኣዩ፥ lanstrafikenkron.se/vaxjo
ዝጠፍኤ ንብረት፥ +46 (0)733 47 79 26

**+46 (0)771 76 70 76.**

**kundcenter@lanstrafikenkron.se**

## ብሕብረት።
## ንዘላቒ መጻኢ።

## ንዘሎና ስርዓት ቲኬት ንቕይር ኣሎና

ኣብዚ ቀውዒ፡ ናብ ሓድሽን ኣዝዩ ዘመናውን ስርዓት ቲኬት ኽንቕይር ኢና። እቲ ናይ ፈለማ ክፋል፡ ነቲ ድሮ ጀሚርናዮ ዘሎና፡ ናይ 10% ምጉዳል ዋጋ እትረኽብሉ ሓድሽ ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ እዩ።

እዚ ኣፕሊኬሽን ኣብ ስራሕ ኣብ ዝውዓለሉ እዋን፡ ነቲ ምጉዳል ዋጋ ቲኬት ጉዕዞ ብ10% ከምዝጐድል ገይርና። ንማሽናት ቲኬት ክንትክእ ኢና፣ ሓድሽ ካርድታት ጉዕዞ ክንህብን ሓድሽ ስርዓት ኤለትሮኒካዊ ንግዲ ክህልወናን እዩ። ንኹሉ ክፋላት ኣብ ዝጀመርናሉ እዋን፡ እቲ ሚዛን ሕሳብ ካርድ ጉዕዞ ግዚኡ ከብቅዕ እዩ፣ ክሳዕ ሽው ግን ነዚ ካርድ'ዚ ከም ንቡር ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ተረፍ ሚዛን ሕሳብ ምስዝህልወኩም፡ ብመገዲ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ዘሎ ኮድ ዋጋ ናብ ሓድሽ ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ ከተሰጋግርዎ ትኽእሉ ኢኹም። ጸኒሕኩም ድማ እቲ ሚዛን ሕሳብ ናብ ሓድሽ ካርድ ጉዕዞ ኽተሰጋግርዎ ትኽእሉ ኢኹም። ንሚዛን ሕሳብኩም ንኽምለሰልኩም እትሓትሉ ግዜ ክሳዕ 10 ዓመታት እዩ። እቲ ኮድ ዋጋ፡ ን365 መዓልታት ዝሰርሕ እዩ። ትሕቲ SEK 10 ሚዛን ሕሳብ እንተኾይኑ ኣይምለስን እዩ።

ኣብ ሓድሽ ስርዓት ቲኬት፡ ሚዛን ሕሳብ ዓማዊል ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣገባብ ክፍሊት ከምዝህሉ ኽንገብር ኢና። ንካርድኹም ገንዘብ ክትመልኡን ምስ ካርድ ጉዕዞ ወይ ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ ከተተሓሕዝዎ ንትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ሓድሽ ስርዓት ቲኬት ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ **lanstrafikenkron.se/nyttbiljettsystem** ጠውቑ፡ ኣብ ላዕለዋይ የማናይ ሸነኽ'ቲ ኩርናዕ ንዘሎ ምልክት ጠውቑ።

## ምፍላጥ ጽቡቕ'ዩ

- **ንእሽተይ ጃልባ/ዓረብያ** - ንእሽተይ ጃልባ/ዓረብያ፡ ናጻ ቦታ ምስዝርከበን፡ ብዘይ-ክፍሊት ብናጻ ኽጎዓዕዛ ይኽእላ እየን። ንቖልዑ ንምጉዕዓዝ፡ ካብ ንእሽቶ መጐዓዓዚት/ዓረብያ ወጻኢ ንዝኾነ መጓዓዝያ ምስትትጥቀሙ፡ ዋጋ ቲኬት ቆልዑ/መንእሰያት ትኸፍሉ።
- **ቆልዓ/መንእሰይ** - ትሕቲ 20 ዓመት ንዝዕድሚኦም ቆልዑ/መንእሰይ እትኸፍልሎም እንተኼንኩም፡ ኣቐዲምኩም ንመራሕ-ተሽከርካሪት ክትሕብሩ ይግባእ፡ እንተዘይኮይኑ ዓቢ ዝኸፍሎ ዋጋ ቲኬት ኽትከፍሉ ኢኹም።
- **ብሽክለታታት** - ብሽክለታታት፡ ቦታ ምስዝህሉ፡ ኣብ ባቡርን ናይ ዞባ ኣውቶቡሳትን ክጽዓና ይከኣል እዩ። መጠን ዋጋ ቲኬት ናይ ሓንቲ ብሽክለታ፡ ልክዕ ከም ዋጋ ቲኬት ቆልዓ/መንእሰይ እዩ። ብሽክለታታት፡ ኣብ ውሽጢ ዞባ Kronoberg ኣብ ዝንቀሳቐሳ ናይ ከተማ ኣውቶቡሳት ክጽዓና ኣይከኣልን እዩ። ተዓጻፍቲ ብሽክለታ፡ ናይ ኤለትሪክ ብሽክለታ/ዝነጥራ ብሽክለታ ወይ ንኣሽቱ ብሽክለታ፡ ምሉእ ብምሉእ ዝዕጸፋ እንተኾይነን ክጽዓና ይከኣል እዩ።
- **ተሳፈርካ ኣብ እትጉዓዘሉ እዋን ዝውሃብ ምግብን መስተን** ምግብን መስተን፡ ኣብ ግዜ ጉዕዞ ክውሰድ ይከኣል፣ እቲ እተዋህበኩም ትሕዝቶ ድማ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም፣ እንተኾነ ግን ንኻልኦት ተጓዕዝቲ ዘይምቹኡነት ዝፈጥር ከምኡውን ኣብ ልዕሊ länstrafiken ወይ ዝኾነ ካልእ ንብረት ጉድኣት ዘስዕብ ክኸውን የብሉን። ተጓዓዛይ፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ዝመጽእ ጉድኣት ሓላፍነት ይስከም። ኣልኮላዊ መስተ፡ ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ባቡር፡ ኣብ መጸበዪ ክፍሊ ወይ ኣብ መጽለሊ ክውሰድ ኣይከኣልን እዩ።
- **ምቁጽጻር ቲኬት/ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ** - ቁጽጽር ኣብ ዝካየደሉ ግዜ ትኬት ሒዝኩም ምስዘይትጸንሑ ወይ ግጉይ ትኬት ሒዝኩም ምስእትጸንሑ፡ SEK 1,200 ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ንኽትከፍሉ ኽትግደዱ ኢኹም።
- **እንስሳ ዘቤት** - ንኻልኦት ተጓዓዝቲ ዘይምቹኡነት ዘይፈጥሩ እንተኾይኖም፡ ኣኻልብ፡ ደማሙን ካልኦት ንኣሽቱ እንስሳታት ብዘይ-ክፍሊት ብናጻ ክውሰዱ ይከኣል እዩ። እንስሳታት፡ ገመድ እተኣስሩ ክኾኑ ወይ ኣብ ጋብያ ወይ ሳንጣ ክትሓዙ ይግባእ። እንስሳታት፡ ኣብ መንበር ኮፍ ክብሉ ኣይግባእን።
- **ባልጃ ኢድ** - ክትጸርዎ ክሳዕ እትኽእሉ ብዝሒ ባልጃታት ኢድ ብዘይ-ክፍሊት ብናጻ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። ባልጃ ኢድ፡ ንኣፍደገ ኽዓግት የብሉን ወይ ኣብ ልዕሊ መንበር ክቕመጥ ኣይግባእን።
- **ምትካኽ ሽጋራ**- ንኤለትሮኒካዊ ሽጋራ ዘጠቓልል ኣብ ኣውቶቡሳት፡ ባቡራት፡ ኣብ መጸበዪ ክፍልታትን ኣብ መጽለሊታትን ምትካኽ ክልኩል እዩ።

## ዋጋ ንጽል ቲኬት ናይ ኣውቶቡስን ባቡርን ብክሮነር

| ቍጽሪ ዞናት | ንቡር ዋጋ<br>ቆልዑ/ መንእሰይ 0-19 ዓመት | ንቡር ዋጋ<br>ዓበይቲ 20+ | ሚዛን ጉዕዞን ቲኬት ኣፕሊኬሽን<br>ቆልዑ/ መንእሰይ 0-19 ዓመት | ሚዛን ጉዕዞን ቲኬት ኣፕሊኬሽን<br>ዓበይቲ 20+ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | 18 | 30 | 16.20 | 27.00 |
| 2 | 24 | 40 | 21.60 | 36.00 |
| 3 | 30 | 50 | 27.00 | 45.00 |
| 4 | 37 | 62 | 33.30 | 55.80 |
| 5 | 44 | 74 | 39.60 | 66.60 |
| 6 | 52 | 86 | 46.80 | 77.40 |
| 7 | 60 | 100 | 54.00 | 90.00 |
| 8 | 70 | 116 | 63.00 | 104.40 |
| 9 | 76 | 126 | 68.40 | 113.40 |
| 10 | 83 | 138 | 74.40 | 124.20 |
| 11 | 90 | 150 | 81.00 | 135.00 |
| 12+ | 100 | 166 | 90.00 | 149.40 |

## መሸጢ ነቑጣታት

### Alvesta
**Pressbyrån**
Railway station
+46 (0)472 442 25

### Lenhovda
**COOP Konsum**
Storgatan 53
+46 (0)474 485 40

### Lessebo
COOP Konsum
Storgatan 71
+46 (0)478 100 04

### Ljungby
**Willys förbutik**
Garvaren,
Stationsgatan 2
+46 (0)372 253 74

### Tingsryd
**Börjes Tingsryd**
Storgatan 66-68
+46 (0)477 482 00

### Markaryd
**COOP Konsum**
Drottninggatan 28
+46 (0)433 100 64

### Åseda
COOP Konsum
Järnvägsgatan 9
+46 (0)474 100 16

### Älmhult
**Sydresor AB**
Railway station
+46 (0)476 714 15

### Växjö
**Pressbyrån**
- Växjö Resecentrum
  +46 (0)470 210 21
- PG Vejdes väg 29
  +46 (0)470 76 18 75
- Storgatan 7
  +46 (0)470 72 91 50
- Storgatan 36
  (0)470 212 71
- Växjö lasarett
  +46 (0)470 254 29


**Maxi ICA**
**Stormarknad**
Grand Samarkand
Hejaregatan
+46 (0)470 79 99 00

**Länstrafikens customer centre**
**Växjö resecentrum**
+46 (0)771 767 076

*Tigrinja*

# ብ Länstrafiken Kronoberg ተጓዓዙ-
# ኣውቶቡስን ባቡርን

*Applies from 31 August 2020*



Länstrafiken
Kronoberg

## ምድባት ቲኬት/ውሱንነት ዕድመ

**ዓበይቲ** ካብ 20 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት። ዋጋ'ቲ ንቡር ትኬት ድማ ከምዝኸፍሉ ይግበር።.

**ቆልዓ/መንእሰይ** ትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም፡ ኣብቲ ንዓበይቲ ተባሂሉ ዝሕተት ዋጋ ንቡር ትኬት ናይ 40% ምጉዳል ዋጋ ይግበረሎም። 20 ዓመት ክሳዕ እትገብሩ ድማ ይምልከተኩም እዩ። ዕድሜኹም ንምርግጋጽ፡ ወረቐት መንነት ከተርእዩ ክትሕተቱ ይከኣል እዩ፣ እንተዘይኮይኑ ግን ዋጋ ትኬት ዓበይቲ ብኡንብኡ ከምእትኸፍሉ ኽግበር እዩ። ናብ ዴንማርክ ንዝጉዓዙ ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ተጓዓዝቲ፡ ዋጋ ቲኬት ዓበይቲ ከምዝኸፍሉ ይግበር።

**ትሕቲ 7** ትሕቲ ሸውዓተ ዓመት ዝገበሩ ንኣሽቱ ቆልዑ፡ ዘሰንዮም ዓቢ ሰብ ምስዝህልዎም (ንሓደ ከፊሉ ዝግዓዝ ዓቢ ሰብ፡ እንተበዝሐ 2 ቆልዑ) ብናጻ ይጉዓዙ። እታ ብዓቢ ሰብ እትዕደግ ቲኬት፡ ንንጽል ቲኬት፡ ናይ 24ን 72ን ሰዓት ትኬት፡ ከምኡውን ንዓበይቲን ተማሃራይን ኣብ ግዜ ፍሉይ ወቕቲ ዝውሃብ ቲኬት የጠቓልል። ዘሰኒ ዓቢ ሰብ ዘይብሉ ቆልዓ፡ ናይ ቆልዓ/መንእሰይ ቲኬት ክህልዎ ይግባእ። እዚ ድማ እቲ ቆልዓ 7 ዓመት ክሳዕ ዝገብር ይምልከቶ እዩ። ዕድመ ቆልዓ ንምርግጋጽ፡ ወረቐት መንነት ንኸቕርቡ ይሕተቱ፣ እንተዘይኮይኑ ግን ሓደ ዓቢ ሰብ ንዝኸፍሎ ዋጋ ቲኬት ዓበይቲ ሰባት ከምዝኸፍሉ ኽግበር እዩ።

**ቲኬት ጽምዲ/ስድራቤት** - Not applicable in the new travel app

ቲኬት ጽምዲ/ስድራቤት፡ ክሳዕ ክልተ ዓበይቲ ንዝርከብዎ ክሳዕ ሓሙሽተ ሰባት ኸገልግል ይኽእል። ክልተ ዓበይቲ ሰባት ምስ ዝኸፍልዎ ዋጋ ቲኬት ክነጻጸር እንከሎ፡ ናይ 10% ምጉዳል ዋጋ ትረኽቡ። ልዕሊ 19 ዓመት ዝዕድሚኡ ዝኾነ ሰብ፡ ምስ ዓበይቲ ይምደብ። ብዘለኩም ካርድ ጉዕዞ ድማ ቲኬት ጽምዲ/ስድራቤት ክትዕድጉ ትኽእሉ፣ ተወሳኺ ናይ 10% ምጉዳል ዋጋ ድማ ትረኽቡ ኢኹም። ቲኬታት ጽምዲ/ስድራቤት፡ ኣብ ውሽጢ Kronoberg ንምጉዓዝ፡ ከምኡውን ናብን ካብን ኣውራጃታት Jönkopingን Kalmarን ንምጉዓዝ የገልግል።

## ንጽል ቲኬት

ሳሕቲ ጥራይ እትጉዓዙ ወይ ናብ እተፈላለየ ቦታታት እትጉዓዙ እንተ ኼንኩም፡ ንጽል ቲኬት ኽትዕድጉ ይግባእ። ዋጋ ንጽል ቲኬት፡ ኣብ ብዝሒ ዝጉዓዞ ዞባታትን ዕድመ ተጓዓዛይን እተሞርኮሰ እዩ። ብኣገልግሎት ከተማ Växjö ንምጉዓዝ፡ እቲ 1 ቲኬት ዞባ ዝምልከት ይኸውን።

## ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ

ብዘሎና ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ Länstrafiken Kronoberg፡ ንንጽልን ናይ ወቕትን ቲኬታት ንዘካትት ኩሉ ቲኬታት፡ ናይ 10% ምጉዳል ዋጋ ትረኽቡ ኢኹም፣ ብSwish ወይ ካርድ ባንኪ (Visa ወይ MasterCard) ኽትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብካርድ ባንኪ ኽትከፍሉ ምስእትደልዩ፡ ኣብ እትዕድግሉ ግዜ ወይ ቅድሚኡ ነቲ ኣፕሊኬሽን ገንዘብ ክትመልኡ ይግባእ። ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት እንተ ኾይኑን ቲኬት ሞባይል ክትጥቀሙ እንተደሊኹምን፡ ናብ ካርድ ባንኪ ከምዝተሓሓዝ ንምግባር፡ ንወላዲኹም ወይ መጉዚትኩም ክትሓቱ የድልየኩም። እዚ ኣፕሊኬሽን፡ ንመወጠኒ ጉዕዞ፡ መሐበሪ ፈርማታ ኣውቶቡስ፡ እዋናዊ ሓበሬታ ኣውቶቡስን ካብ ፈርማታ ኣውቶቡስ ዝነቕለሉ ግዜን ዝሓዘ እዩ። ናጻ ኣፕሊኬሽን፡ ካብ App Store ወይ Play Butik ኣውርድዎ (ዳውንሎድ ግበሩ)።

**ንስድራቤትን መሓዙትን ዝውሃብ ምጉዳል ዋጋ** - Available in the new travel app

ንስድራቤትን መሓዙትን ዝውሃብ ምጉዳል ዋጋ፥ ብጉጅለ ብሓባር ኣብ እትጉዓዝሉ እዋን፡ ካብ ጠቕላላ ዋጋ ቲኬት ናይ 25% ምጉዳል ዋጋ ኩሉ ግዜ ትረኽቡ ኢኹም። ክልተ ወይ ልዕሊኡ ቲኬታት ኣብ እትዕድግሉ ግዜ፡ እዚ ምጉዳል ዋጋ፡ ብቐጥታ ትረኽብዎ ኢኹም።

## ካርድ ጉዕዞ

ካርድ ጉዕዞ፡ ንውልቂ ዝውዕል ኣይኮነን፣ ንስኹም ኣብ ዘይትጥቀሙሉ እዋን፡ ንኣዕሩኽኩም ወይ ስድራቤት ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም። ካርድ ጉዕዞ፡ መረጋገጺ ጉዕዞኹም ኮይኑ፡ ኣብ እትኸድዎ ኩሉ ጉዕዞ ክትማልእዎ ይግባእ። ኣብ ግዜ ፍሉይ ወቕቲ ብዝውሃብ ቲኬት ወይ ሚዛን ሕሳብ ጉዕዞ ወይ ክልቲኡ ብምጥቃም፡ ንካርድ ጉዕዞ ገንዘብ ኽትመልኡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ሚዛን ሕሳብ ካርድ ጉዕዞ**

ካርድ ጉዕዞ፡ ተወሳኺ SEK 100፡ እንተወሓደ ድማ 100 ብምኽፋል፡ ንካርድ ጉዕዞ ገንዘብ ክትመልእዋ ትኽእሉ ኢኹም። ብዘለኩም መጠን ሕሳብ ካርድ ጉዕዞ፡ ንንጽል ቲኬት ኣብ እትዕድግሉ ግዜ፡ 10% ምጉዳል ዋጋ ናይቲ ንቡር ዋጋ ክትረኽቡ ኢኹም። እዚ ሚዛን ሕሳብ፡ ሓደ ሰብ ብፍሉይ ዝጥቀመሉ ኣይኮነን፣ ኣብ ውሽጢ Kronoberg ንምጉዓዝ፡ ከምኡውን ናብን ካብን ዞባታት Jönkopingን Kalmarን ንምጉዓዝ ክትጥቀሙላ ትኽእሉ።

## ናይ 30-መዓልቲ ቲኬት

ኣብ ዘለኩም ካርድ ጉዕዞ ናይ 30-መዓልቲ ቲኬት ክትውስኹሉ ወይ ብዘለኩም ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ ቲኬት ክትዕድጉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ቲኬት፡ ንዝኾነ ጉዕዞታት ከምኡውን ብኣውቶቡስ ንእትገብርዎ ናይ ከተማን ናይ ዞባን ጉዕዞ ከም ንጉዕዞ ባቡር (ኣብ ኣገልግሎታት Krösatågen፡ Pågatågን Öresundstågን) ን30 መዓልታት ብዘይ-ገደብ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ። ኣብ ዘለኩም ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ ናይ ወቕቲ ቲኬት ንኽትዕድጉ እትኸፍሉ እንተ ኼንኩም፡ እዚ ቲኬት ኣብ ካልእ ዕለት ኣክቲቭይት ኽትከውን ከምእትደልዩ ዝሓበርኩም እንተዘይኮይንኩም፡ ብኡንብኡ ኣክቲቭይት ከምዝኸውን ኽግበር እዩ። ናይ ወቕቲ ቲኬት፡ ኣብ ውሽጥጢ365 መዓልታት ኣክቲቭይት ዝኾነሉ ዕለት ኣብ ኣፕሊኬሽን ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ንዘለኩም ካርድ ጉዕዞ ንኽትመልኡ ናይ 30-መዓልቲ ናይ ውቕቲ ቲኬት ኣብ እትዕድግሉ እዋን፡ ንኽትጉዓዙ ብቑዕ መታን ክኸውን ኣክቲቭይት ኽትገብሩ ይግባእ። ነዚ ድማ ኣብ ኣውቶቡስ ኣብ እትሳፈርሉ ግዜ፡ ኣብ ዘሎና ነቑጣታት መሸጣ ወይ ማሽን ቲኬት ወ ይኣብ መደበር መገዲ ብኡር ኣብ ዝርከብ ኣክቲቭይት መግበሪ ቦታ ኽትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።ስ

**ዕድሜኹም ትሕቲ 20 ዓመት እንተ ኾይኑ** ናይ 25% ምጉዳል ዋጋ ብምርካብ፡ ናይ 30-መዓልቲ ቲኬት መንእሰይ ክትዕድጉ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ 30-መዓልቲ ቲኬት መንእሰይ ሒዝኩም ኣብ እትጉዓዝሉ እዋን፡ ዕድሜኹም ንምርግጋጽ ብቑዕ ወረቐት መንነት ንኸተርእዩ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ተጓዓዚ ኣብ ዘይበዝሓሉ ግዜ ንትሕቲ 20 ዝውሃብ ጐደሎ ዋጋ ትኬት**

ተጓዓዚ ኣብ ዘይበዝሓሉ ግዜ ንትሕቲ 20 ዝውሃብ ጐደሎ ዋጋ ቲኬት፡ ናይ 30-መዓልቲ ናይ ወቕቲ ቲኬት ኮይኑ፡ ልዑል ቊጽሪ ተጓዓዝቲ ኣብ ዘይብሉ ግዜ/ካብ ሰኑይ-ዓርቢ ካብ 14.00–04.00 ከምኡውን ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ግዜ ሰመስተር ንዝህሉ መዓልታት ዕረፍትን ናይ መጽናዕትቲ መዓልታትን ብዝምልከት ድማ ተመሳሳሊ ሕግታት ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ግብሪ ይውዕል። ሕግታት ህዝባዊ በዓላትን ተኸታተልቲ መዓልቲ ዕረፍትን፡ ቀዳም/ሰንበትን ድማ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

**ዋጋ ቲኬት፡ SEK 200'ዩ፥** እቶም ትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ኣብ መላእ ዞባ ብኣውቶቡስን ባቡርን ብዘይ-ገደብ ኽጉዓዙ የፍቅደሎም። ነዚ ቲኬት'ዚ ኣብ My pages፡ ኣብ ኣውቶቡስ፡ ኣብ ማእከል ዓማዊል፡ ነቑጣ መሸጣን ኣብ ኣፕሊኬሽን ጉዕዞን ክትዕድጉ ትኽእሉ። ቲኬታት ኣፕሊኬሽን፡ ንስማርት ተሌፎን ብምጥቃም ኽግዛይ ይከኣል፣ ሰብ ኣብ ዘይበዝሓሉ ግዜ ዘገልግል ቲኬት ድማ ክትጥቀሙ ትኽእሉ።

**ተማሃሮ** ካርድ እንተልይዎም ወይ ምልክት ምጉዳል ዋጋ ተማሃሮ ዘለዎ ኣፕሊኬሽን ካርድ ተማሃሮ ዝሓዝዙእንተኾይኖም፡ ኣብ ናይ 30-መዓልቲ ቲኬት ናይ 25% ምጉዳል ዋጋ ይርኽቡ። ንተማሃራይ ዝውሃብ ምጉዳል ዋጋ ንኽትረኽቡ ብቑዓት ንኽትኮኑ፡ ከምዚ ዝስዕብ ኽትገብሩ ይግባእ፥

ለቓሕ ትምህርቲ ንኽትረኽቡ መሰል ኣብ እትህበኩም ዩኒቨርሲቲ፡ ኮሌጅ ወይ ካልእ ማእከል ትምህርቲ ንዓበይቲ ትምህርቲ ንኽትምሃሩ ክትምዝገቡ። ኣብ ሓደ ሰመስተር እንተወሓደ ንተኸታተልቲ 10 ሳምንታት ብውሑዱ ናይ 50% ናይ ፍርቂ መዓልቲ ትምህርቲ ተማሃራይ ኽትኮኑ።

ክትትል/ቊጽጽር ኣብ ዝግበረሉ ግዜ፡ ስእሊ ዘለዎ ብቑዕ ወረቐት መንነት ተማሃራይ ምስ ምልክት ጉዕዞ ተማሃራይ ከተቕርቡ ኽትክእሉ ኣለኩም።

## ቲኬት ኣውቶቡስ ንኽትዕድጉ ብኸመይ ትኸፍሉ

- ኣብ ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ ብዝርከብ ቲኬት። ብኣፕሊኬሽን Länstrafiken Kronoberg ክዕደግ ይከኣል።
- ኣክቲቭይት ንእተገብረሉ መዓልታት ገንዘብ ብእተጻዕነ ከምኡውን/ወይ ብካርድ ሚዛን ሕሳብ ጉዕዞ እትጻዕነ ካርድ ጉዕዞ።
- ብካርድ ክፍሊት። ኩለን ኣውቶቡሳት Länstrafiken Kronoberg፡ ነቑጣታት መኽፈሊ ካርድ ኣለወን። ብMasterCardን VISAን ክኽፈል ይከኣል።



ምልክት ጉዕዞ ተማሃሮ

- ምስ እትገብርዎ ጉዕዞ ንዝተኣሳሰር ቲኬት፡ ካብ ዘሎና ማእከል ዓማዊል ወይ ነቑጣ መሸታ ክትዕድጉ ትኽእሉ፣ ብጥረ-ገንዘብ፡ ሚዛን ሕሳብ ካርድ ወይ ካርድ ጉዕዞ ኽትከፍሉ ትኽእሉ።

## ቲኬት ባቡር (SJ ዘይኮነ) ብኸመይ ትዕድጉ

- ኣብ ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ ብዝርከብ ቲኬት። ብመገዲ ዘሎና ኣፕሊኬሽን Länstrafiken Kronoberg ኽትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም።
- ብቑዕ ቲኬት ወቕቲ እተጻዕኖ ካርድ ጉዕዞ።
- መጠን ሕሳብ ካርድ ጉዕዞ እተጻዕኖ ካርድ ጉዕዞ። ናብ ባቡር ቅድሚ ምስፋርኩም ቲኬት ትዕድጉ። ንጉዕዞኹም ዘድሊ ቲኬት፡ ካብ ዘሎና ማእከል ዓማዊል ወይ ዝኾነ ነቑጣ መሸጣ ክትዕድጉ ትኽእሉ ኢኹም። መጠን ሕሳብ ካርድ ጉዕዞኹም፡ ኣብ ውሽጢ Kronoberg ከምኡውን ናብን ካብን ኣውራጃታት Jönkopingን Kalmarን ንዝግበር ጉዕዞ ኽትከፍልሉ ትኽእሉ ኢኹም።
- ኣብ ቦታ ማሽን ትኬት። ናብ ባቡር ቅድሚ ምስፋርኩም ቲኬት ትዕድጉ። ብዘለኩም መጠን ሕሳብ ካርድ ጉዕዞ ወይ ብካርድ ክፍሊት (VISA/ MasterCard/Diners/American Express) ኽትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣብ ነፍስወከፍ ኣውራጃ ኣብ ዝርከብ ነፍስወከፍ መደበ ባቡር፡ ማሽናት ቲኬት ኣለዋ።**

## *ተወሳኺ ረብሓታት እትረኽብሉ My pages*

My pages፡ ብሉጽ ረብሓታት (ኦፈራት) ከምኡውን ውሁድ ኣገልግሎታት (ስማርት ሰርቪስስ) ክትረኽብሉ እትኽእሉ ኣብ መርበብ-ሓበሬታና ዝርከብ ናጻ ኣገልግሎት እዩ። ኣባል ናይ My pages ንኽትኮኑ፡ ቊጽሪ ምዝገባ ስቪል ስዊድን (Swedish civil registration number) ክህልወኩም ኣለዋ። ብመገዲ My pages ካርድ ጉዕዞ ኣብ እትዕድግሉ ወይ ገንዘብ ኣብ እትውስኹሉ ኩሉ ግዜ፡ ናይ 10 % ምጉዳል ዋጋ ወይ ናይ 10 % ተወሳኺ ፋይዳ (ቫልዩ) ትረኽቡ ኢኹም። ንካርድ ጉዕዞኹም ኣብ My pages ምስእተመዝግቡ፡ ካብ ዝመጽእ ክሳራ ውሕስነት ትረኽቡ።

ብመገዲ My pages ኣብ ካርድ ጉዕዞኹም ገንዘብ ኣብ እትውስኹሉ እዋን፡ እቲ መጠን ኣብ ሕሳብኩም ንኽርኤ ክሳዕ 24 ሰዓታት ክወስድ ይኽእል እዩ።

ብመገዲ My pages ንመጠን ሕሳብኩም ገንዘብ ኣብ እትውስኹሉ ግዜ፡ እቲ እተገብረ ክፍሊት ተወንዚፉ ክጸንሕ እዩ።

እቲ ዝወሰኽክሙዎ መጠን ገንዘብ፡ ንካርድ ጉዕዞኹም ኣብ ዞባ Kronoberg ንኽትጉዓዙ ምስተጠቐምኩም ጥራይ ኣብ ሕሳብኩም ይርኤ። ድሕሪ'ዚ ድማ ካብ ዶብ ወጻኢ ናብ ዝኾነ ቦታ፡ ነቲ ካርድ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ።

ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ lanstrafikenkron.se/minasidor ኣንብቡ።

## ናብን ካብን ሕክምናዊ ቆጸራ ዝግበር ናጻ ጉዕዞ

ቆጸራ ሓፈሻዊ ሕክምና ወይ ሕክምና ስኒ ዘለዎ ዓቢ ሰብ፡ ትሕቲ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ክልተ ቆልዑ ብዘይ-ክፍሊት ብናጻ ክትማልኡ መሰል ኣለኩም። ቦታ ምስዝህሉ ድማ ንመጐዓዓዚት ጃልባ/ዓረብያ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

**ብኣውቶቡስ ዝግበር ጉዕዞ**

ናይ ቆጸራ ደብዳቤ ንመራሕ-ተሽካርካሪት ምስ እተርእዩ፡ ኣብ ውሽጢ ዞባ ናብ ዝርከብ ማእከል ጥዕና፣ ቅብሊት ወሃብ ክንክን ጥዕና ምስእተቕርቡ ድማ ካብ ማእከል ጥዕና ብናጻ ኽትጉዓዙ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ቆጸራ ደብዳቤ ምስዘይህልወኩም ወይ ኽተርእዩ ምስዘይትደልዩ፡ ኽትከፍሉ ድሒርኩም ድማ ነቲ ቲኬት ምስ ቅብሊት ወሃቢ ክንክን ኣሰኒኹም ናብ Kronoberg, Serviceresor, 351 88 Växjö ክትሰዱ ይግባእ። ብመገዲ ኣፕሊኬሽን ጉዕዞ ንቲኬትኩም ምስእትዕድጉ፡ ነቲ ቅብሊት ናብ ኣድራሻ ኢመይልኩም ብምስዳድን ብምሕታምን ኣብ ላዕሊ ናብ እተጠቕሰ ኣድራሻ ክትሰዱ ትኽእሉ። ዞባ Kronoberg፡ ንትኽክለኛ ዋጋ ጉዕዞ ኣውቶቡስ፡ ማለት ንካርድ ክፍሊት ወይ ክፍሊት ካርድ ጉዕዞ ጥራይ ይምለሰልኩም።

**ብባቡር ዝግበር ጉዕዞ**

ናብ ማእከል ጥዕና ብባቡር ትጉዓዙ እንተ ኼንኩም፡ ቅድሚ ምብጋስኩም ቲኬትኩም ኽትዕድጉ ኣለኩም። ንቲኬትኩም ንዝኸፈልኩሙዎ ገንዘብ ንኽምለሰልኩም፡ ነቲ ቲት ምስ ቅብሊት ወሃቢ ክንክን ብምስናይ ናብዚ ኣድራሻ ስደድዎ፥ Region Kronoberg, Serviceresor, 351 88 Växjö.

## ዝጠፍኤ ወይ ዝተበላሸወ ካርድን ዝምለስ ገንዘብን

ናይ ካርድ ጉዕዞኹም ሓላፍነት እትስከሙ ባዕላትኩም ኢኹም። ካርድኹም፡ ብሰንኪ ተክኒካዊ ጸገም ምስዘይሰርሕ፡ ካብ ዘሎና ማእከል ዓማዊል ወይ ዘሎና ቤት ጽሕፈት ብዘይ-ክፍሊት ብናጻ ካርድ ክንትክኣልኩም ኢና።

ካርድኹም ኣብ ዘጥፋእክሙሉ ግዜ፡ እቲ ካርድ ኣብ My pages እተመዝገበ እንተ ኾይኑ ጥራይ ኢና እንትክኣ።

ንጽል ቲኬታትን መጠን ሕሳብ ጉዕዞን ብዚምልከት ገንዘብ ኣይምለስን እዩ።

እተወንዘፈ ቲኬት ወቕቲ እተጻዕኖ ካርድ ጉዕዞ፡ መሳለጢ ክፍሊት SEK 50 ብምኽፋል ካብ ዘሎና ማእከል ዓማዊል ከምዝምለሰልኩም ይግበር።

ዞባታት ምቕያር ወይ ናብ ዝኸበረ ካርድ ከምዝምሓየሽ ምግባር፡ እተወንዘፈ ቲኬት ወቕቲ ንዘለዎ ካርድ ጥራይ ብዘይ-ክፍሊት ብናጻ ኽካየድ ይኽእል።

ኣብ ግዜ ቲኬት ወቕቲ ናብ ዝኸበረ ካርድ ከተመሓይሹ ትኽእሉ እኳ እንተኾንኩም፡ ነቲ ዘብቅዓሉ ዕለት ግን ኽትቕይሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

እተሓደሰ ቲኬት ወቕቲ ዘለዎ ካርድ ጉዕዞ፡ ብመሰረት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሰሌዳ እቲ ገንዘብ ከምዝምለስ ይኸውን፥

| በቲ ዕለት ዝህልዎ ዋጋ | ብሚእታዊት ናይቲ ኣብቲ ካርድ ዘሎ መጠን ተመላሲ ግበር |
| --- | --- |
| 1 | 80% |
| 2 | 60% |
| 3 | 50% |
| 4 | 40% |
| 5 | 30% |
| 6 | 20% |
| 7 | 10% |

